# ኤርትራ፣ ምድሪ ባሕሪ
# ራብዓይ ምዕራፍ
# ኤርትራዊ ሕድሕዳዊ ዓመጽ

2



ደራሲ – ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ

ኣብ ሓንቲ ናይ 1963 ክራማት መዓልቲ፡ እድሪስ ኣብ ዓሚቝ ሓሳብ ድሕሪ ምጥሓል-፡“እንታይ ኮንኻ ኣሎኻ እድሪስ?”ዝብል ድምጺ ዓርኩ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ክሰምዕን ብር ኢሉ ካብ ሓሳብ ክበራበርን ሓደ ኮነ። ተቐላጢፉ፡-“ሰንቢደ፡ ኣብ ዘይልሙድን ዘይፈልጦን ሓሳብ ጥሒለ ጸኒሐ።” ክብል መለሰ።
ማሕጁብ ኣልጃዓሊ እንታይ ከም ዝሰምዐ ከም ዘይኣስተብሃልን ክመስል፡-“ዝኾነ ኣብ ሓሳብ ዝመጸካ ወይ ዘጋጢመካ ክትፈርሖ ዝግባእ ኣይኮነን።” እናተገረመ መለሰ።
እድሪስ፡ ንዓርኩ ማሕጁብ ኣቐይምዎ ከይከውን ብምስካፍ ተቐላጢፉ፡ “ኣይትሓዘለይ፡ ምስ ተዳሃኻኒ ሰንቢደ ብምብባር፡ ረብሸካ ክኸውን ስለ ዝኽእል ዳግማይ ይቕረታ እሓትት።” ኢሉ ስክፍትኡ ክገልጽ ፈተነ።
ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፡ እድሪስ ዘጋጠሞ ናይ ምርባሽ ኩነታት ምስ ተቐንጠጠሉ፡ ተቐላጢፉ፡-“ደሓን እድሪስ ሓወይ፡ ኣብ እንታይ ዓይነት ሓሳብ ጥሕልካ ጸኒሕካ?” ክብል ሓተተ።
እድሪስ ተቐቢሉ፡-“ብዛዕባ መጻኢ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኤርትራ ክሓስብ ጸኒሐ።” መልሲ ሃበ።
ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ብወገኑ፡-“እዚ እንታይ ሓድሽ ኮይኑ? ኩሉ ናይ እግዝኣብሄር ፍቓድ ጥራይ ኢዩ።” በለ።
እድሪስ ኮፍ ኣበሃህልኡ ድሕሪ ምትዕርራይ፡-“መጻኢ ኩነታት ከመይ ክኸውን’ዩ ዝብል ካብ ዘሻቕሉኒ ዘለዉ ሓደ እዩ። ርጉጽ ሓበሬታ ስለ ዘይብለይ፡ መጻኢ ከምዚ ክኸውን’ዩ ወይ ከጋጥም’ዩ ኢለ ክንበ ኣይክእልን። ኣብ መጻኢ ኣብ ሃገርና እንታይ ከጋጥም ይኽእል’ዩ ክፈልጥ እውን ኣይክእልን፡ ኣብ ዘይፈልጦ ሻቕሎት ጥራይ እየ

ዝወሓጥ ዘለኹ።” ማሕጁብ ኣልጃዓሊ በቲ ዝሰምዖ እናተገረመ፡-“ኣብ ዘይከውን ወይ ኣብ ዘየለ ክትዛረብ ዘድልየካ ኣይኮነን። ኣሕጽር ኣቢልካ ብዘይ ኮለል መለል ዘሎካ ኣቕርብ።” ክብል ገሰጾ።
እድሪስ፡ ካብ’ቲ ዝጠለቦ ሻሂ እናጎርደዐ፡-“ኣብ መንጎ ገለ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዘገልግሉ ዝነበሩ ኤርትራውያንን ካልኦትን፡ ኣብ ምዝማት ከብትን ንብረትን ተጻረርቶም ተዋፍሮም፡ ዓሚቕ ምፍጣጥ ተላዕሉ ኣሎ ዝብል ሓበሬታ ኣሎ።” ኢሉ ዘሰንብድ ዘረባ ደርጎሐ።
ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፡-“ኣነ፡ ኣብ መንጎ ተቓለስቲ፡ ካብ ሱዳን ዝመጹ ወተሃደራት ይኹኑ፡ ካልኦት ኣብ ሕጋዊ ይኹን ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ቅድሚ ኣብ ሰውራ ምስላፎም ዝነጥፉ ዝነበሩ እንተኾኑ’ውን፡ ናይ ምፍሕፋሕ ጸገም ተፈጢሩ ኣሎ ዝብል፡ ዝናፈስ ዘሎ ሓበሬታ ክኣምኖ  ኣይክእልን። ቅኑዕን ብሩህን መልሲ ንምርካብ ክሕተተሉ ዝግባእ ጉዳይ እንተሎ፡ እዞም ሰባት እዚኦም መዓስ’ዮም ግዜ ረኺቦም፡ ኣብ ነንሕድሕዶም ዝተሃናኸፉ? ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ሱዳን ብቀቢላይ ቀቢላኻ ዝብገስ ዘይምርድዳእ ክህሉ ዘይግመት ነገር ግን ኣይኮነን።” ስንባደ ብዝተሓወሶ ድምጺ፡ ነቲ ዝሰምዖ ክምልስ ናይ ግድን ኮኖ።

እድሪስ፡ በቲ ካብ ዓርኩ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ዝሰምዖ ብሱል ኣዘረርባ እናተመሰጠ፡- “ኣብ ኤርትራ፡ ሓደ ንኹሎም ኤርትራውያን ኣብ ሓደ ዝተወሃሃደ ፖለቲካዊ መስመር ዝጥርንፍ ባይታ ኣይተረኸበን። ካብ ናይ ኣርባዓታት ፖለቲካዊ ተመክሮ ዝተመሃርናዮ እንተሎ፡ ድሑር ማሕበራዊ ዝምድናታት ከም ሃይማኖታዊ፡ ኣውራጃዊ፡ ማይቤታዊ ምፍልላይ ኣብ መላእ ሕብረተሰብ ኤርትራ ከም ሓምሊ ቃንጥሻ ይዕምቢቡ ነይሮም ዝብል መረዳእታ ኣሎ። ካብ’ዚ ሓቂ’ዚ ብምብጋስ፡ ሓደ ሓደ ኣብ ውልቃዊ ረብሓታት ዝተመርኮሱ ምፍሕፋሓት የለዉን ወይ ኣይፍጠሩን እዮም ክበሃል ኣይከኣልን’ዩ። ከም’ዚ ዓይነት ድሑር ዝምድናታት ኣብ ማሕበረ-ሰብ ኤርትራ ክነግስ ወይ ክዝውተር ነውሪ ወይ መርገም ኣይኮነን። ከም’ዚ ዓይነት ዝምድናታት ኣብ ማዕርነት ዘይዝውተረሉ ወይ ዘይብሉን ዘይሰፈኖን ሕብረተ-ሰብ ከም ዝረአ ድማ ብሩህ ኢዩ።” ብተወሳኺ ከበርህ ፈተነ።
ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ብወገኑ፡-“ፍልልያት ወይ ምፍሕፋሕት ኣብ መንጎ ቀጸላታት ማሕበረ-ሰብ፡ ኣውራ ኣብ ግዜ ምብ’ርባር ምንቅቓሕን ዕብየትን ቅቡል ወይ ዝጽወር እንተኾነ፡ ኣብ መንጎ ማሕበረ-ሰብ ሰውራ ምስ ማሕበራዊ ድሕረት ዝተኣሳሰሩ ማሕበራዊ ምፍሕፋሓት ክህሉዎ ግቡእ ኣይኮነን። ሓደገኛነት መግዛእታዊ ምትእትታው ስርዓት ሃይለስላሰ ክሳብ ክንደይ መሪር ከም ዝነበረ ተዓዚብና ነይርና። ስርዓት ሃይለስላሰ ብኣተባባዕቱ ወይ ደገፍቱ ዝኾኑ መንግስታት ምዕራብ ኣድላይ ደገፍ ድሕሪ ምርካቡ፡ ንመላእ ኢትዮጵያን ኤርትራን ክቆጻጸር ምስ ተፈቕደሉን፡ ንድሑር ስምዒታት ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ መዝሚዙ፡ መሰል ኤርትራውያን ኣብ ናጽነትን ሓርነትን ክጎሲ ድሕር ኣይበለን። እዚ ድማ ብዘይ ጥርጥር ንስርዓት ሃይለስላሰ ዘዐወተ ባይታ ነበረ።” በለ።
እድሪስ ተተባቢዑ፡-“ስርዓት ኢትዮጵያን ገለ ንቃልሲ ህዝብታት እንተላይ፡ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝጻረሩ ናይ ሱዳን ናይ ፖለቲካ መራሕቲ፡ ንሰውራ ኤርትራ ብሓፈሽኡ ንተቓለስቲ ውድባት ኤርትራ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን፡ ነቲ ኣብ ከርሲ ሰውራ ኤርትራ ዘሎ ምስሕሓባት ክምዝምዙን ከጽልሙን ወትሩ ምስ ተንቀሳቐሱ እዮም።” ክብል ንባህሪ እቶም ተጻረርቲ ክገልጽ ፈተነ።

ማሕጁብ ኣልጃዓልን እድሪስን ተወሳኺ ሻሂ ድሕሪ ምጥላብ፡ እድሪስ ነቲ ዝተቐረበሉ እናጎርደዐን ኣስተማቐረን፡-“ሓቂ’ዩ፡ ሃይማኖታዊ ኣፈላላይን ህሉው ኤርትራዊ ድሑር ማሕበራዊ ኩነታትን ዓቢ ኣሉታዊ ተራ ከም ዝተጻወቱ ዝካሓድ ኣይኮነን። ከምኡ’ውን እተን ካብ ኣርባዓታት ክሳዕ ምልሓቕ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያዊት ኢምፓራጦርያ፡ ዝተቀልቐሉ፡ ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ሓይልታትን ንረብሓ ኤርትራዊ ሃገራዊ ክውንነት ዘገልግል ዝኾነ ይኹን ኣወንታዊ ተራ ወይ እጃም ከይተጻወቱ፡ ንሃገራዊ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ክጻረሩን ከደቅሱን ጥራሕ ተራእዩም። ምስሕሓብ እዞም ተመናጨቲ  ኣብ ክንፍታት ሰውራ ኤርትራ ከይንጸባረቑ ተስፋ እገብር። ነቲ ኣብ ግዜ መሰል ርእሰ-ውሳኔ ዝተጠርየ ትምህርትን ተመክሮን ክንርዳእን ከነስተውዕልን ኣሎና። ኣብ’ቲ ግዜ’ቲ ሃይማኖታዊ ኣፈላላይ፡ ኣብ ሓንጎልን ኣእምሮን መራሕቲ ፖለቲካዊ ንጥፈታት’ቲ ግዜ ዓቢ ጽልዋ ኣሕዲሮም፡ ጽልውኦም ኣብ ሰልፍታት ኣንድነትን ናጽነትን ዝጠልቡ ዝነበሩ ከይተረፉ ተራእዮም። ሃይማኖታዊ ፍልልያትን ኣተሓሳስባታትን ኣሉታዊ ተራ እንዳተጻወተ፡ ሓድነት ክመጽእ ኣይከኣልን። ከም ዝፍለጥ፡ ዝኾነ ፖለቲካዊ ንጥፈት ካብ ሓድነት እንተደኣ ርሒቑ ዝጻወቶ ኣውንታዊ ተራ ከም ዘይህሉ፡ ታሪኽ ኣውራ ፖለቲካዊ ታሪኽና ዘረጋግጾ ሓቂ እዩ። እታ ፋስ ኣብ ርእስና ከይወደቀት ከላ ብኣግኡ ከነርክባ ወይ ክንኣልያ ይግባእ።” ብሰፍሑ በለ።

እድሪስ፡ ኣብ መጻኢ ኣሉታዊ ጽልዋ ከይመጽእ ይፈርሕ ብምንባሩ፡ ኣብ ውሽጢ ሰውራ ኤርትራ ምግምማዕ ከይቅጽል ወይ ከይረአ ብቐንዕና ይምነ ነበረ። ሃይማኖታዊ ኣፈላላይ ኣብ መስርሕ ፖለቲካዊ ምዕባለ ኤርትራ ኣሉታዊ ተራ ከም ዝተጻወተን ስርዓት ሃይለስላሰ ድማ ንምልሓቕ ኤርትራ ከም መሳርሒ ስለ ዝተጠቐመሉን፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ሓድነት ክጭበጥ ከም ዘይኽእል ብግቡእ ዝርዳእ ሰብ ብምንባሩ፡ ሻቅሎት እንተነበሮ’ውን ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣሉታዊ ተርእዮ ክብድህ ከም ዝኽእል ብተወሳኺ ድማ ይኣምን ነበረ።

ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ዓርኩ እድሪስ ዳግማይ ኣብ ዓሚቑ ሓሳብ ከም ዝተዋሕጠ ተረዲኡ፡ ከበራብሮ ብምፍታን፡- “ዳግማይ ኣብ ሓሳብ ጢሒልካ ትመስል ኣሎኻ?” በለ።

እድሪስ ነቲ ዝሰምዖ ብምርዳእ፡-“እወ፡ ኣብ ዲቕ ዝበለ ሓሳብ ጢሒለ ኣይተሓዘለይ። ድሕሪ ሕጂ ከምኡ ክደግም ኣይኮንኩን።” ብትሕትና መለሰ።

ማሕጁብ ኣልጃዓሊ በቲ ዝሰምዖ መልሲ ድሕሪ ምምሳጥ፡-“ኩላትና፡ ኣብ ሓሳብ ንጠልቕ’ና። ገሊና ኣብ ሃገራዊ ጉዳይ፡ ገሊና ኣብ ቁም ነገር ዘይብሉ ኣርእስቲ፡ ሕሉፍ ሓሊፉ ገሊና ኣብ ጥርጣረን ኣብ ዘይሓቅን ተሞርኪስና ጉዳያት ኽነቛምት ንውዕል።” ክብል ተዛረበ።

እድሪስ፡ ብወገኑ፡-“ኣብ መንጎ ብረት ዝተሓንገጡ ብጾት ምፍሕፋሕ ከምዝተፈጥረ ጠቒሰ ነይረ…” ዘረብኡ ከይወደአ፡ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ብዛዕባ’ቲ ምፍሕፋሕ ዝያዳ ሓበሬታ ክረክብ ብምድላይ፡-“እወ… እወ፡ ኣብ መንጎ ኣካላት ሰውራ ግጭት ከም ዝተላዕለ ተዛራብና ኔርና። ኣብ’ቲ ዘልዓልናዮ ክንቅጽል ይሓይሽ ዝብል ርእይቶ ኣሎኒ።” ግዜ ከይበልዐ ዝነበሮ ርእይቶ ኣፍሰሰ።

እድሪስ፡ ነቲ ናይ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ምትእትታው ብዙሕ ግምት ከይሃበ፡-“ኩሎም ኤርትራውያን ምምስራት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ከምኡ’ውን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ኣብ ዝተበሰሩሉ፡ ሓጎሶም ወሰን ኣይነበሮን። ብፍላይ እቲ ሓዲሽ ውልዶ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ብረታዊ ቃልሲ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያን

ኤርትራውያን ሰዓብቱን ኣብ ምኽያድ ይኣምን ከም ዝኾነ ምስ ተፈልጠ፡ ሓጎሶም ጥርዚ በጽሐ።” ብምትእምማን ገለጸ።

እድሪስ፡ እናቐጸለ፡ ብሃንደበት ሓደ ዝፈልጦ ሰላም ምስ በሎ፡ ንቡዙሕ ግዜ ተሰውሩዎ ዝነበረ ዑመር እስማዒል ከም ዝኾነ ኣረጋገጸ። ምውቕ ሰላምታ፡ ኩነታት ስድራ፡ ኣዝማድን ኣዕሩኽትን ድሕሪ ምሕታት፡-“መዓስ ከም እትኸይድን እትመጽእን ምፍላጥ ሲኢና፡ ክሳዕ እንርሰዓካ ኮይና። ኣበይ ከ ትነብር ኔርካ?” ሕጉስ ኢሉ ሓተተ።

ዑመር እስማዒል ካብ ዓዱ ብእግሩ፡ ብኣቡ ገመል ዝተባህለ ከባቢ ዶብ ሱዳን ኤርትራን ቅድሚ ሰለስተ ሰዓት ኣቢሉ፡ ንከተማ ከሰላ ኣተወ። ገና ድኻም ከም ዘለዎ ኣብ ገጹ ይረአ ነበረ።

ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ንዑመር እናጠመተ፡-“ደኺም ኣሎካ። ስለ ዝኾነ፡ ክሳዕ ግዜ ምስሕ ዝቐርብ ንኽትሕጸብን ቅሩብ ከተዕርፍን፡ ፍቓደኛ እንተ ኾንካ፡ ንገዛና ከብጽሓካ። ደሓር ተራኺብና እንተዕለልና ይሓይሽ።” ዝብል ርእይቶ ኣቕረበ።

ዑመር እስማዒል፡ ክሕጸብን ከዕርፍን ድልየት ስለ ዝነበሮ፡ ነቲ ዝቐረበሉ ሓሳብ ከይተወላወለ ተቐበሎ፡ እድሪስ’ውን ከምኡ። ሰለስተኦም ንገዛ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ኣምረሑ። ዑመር ንዓይኒ ምድሪ ብምእታው ደገ ወጸ። ምሉእ ኣካላቱ ድሕሪ ምሕጻብን ምጽራይን፡ ብሓባር ሰላት ኣልመቕርብ ምስ ሰገዱ፡ እድሪስ፡-“ደሃይ ዓዲ ክንፈልጥ ተሃዊኽና ኣሎና፡” ብፍሽኽታ ተዛረበ።

ዑመር እስማዒል ብወገኑ፡-“ደሃይ ዓዲ ብዙሕን ዝተፈላለየን እዩ ዘሎ። ብዛዕባ እንታይ ክትሰምዑ ትደልዩ?” በለ።

እድሪስ ተቐቢሉ፡-“ደሃይ ኣብ ከሰላ ዝተዋቀዐ እዩ ዘሎ። እቲ ዝስማዕ ዘሎ ድማ፡ ኣብ መንጎ እቶም ካብ ሱዳን ናብ ሰውራ ዝተጸንበሩ ወተሃደራትን ምስ ሓምድ ዓዋተ ዝነበሩን ምስሕሓባት ተፈጥሩ ኣሎ ዝብል ሓበሬታ እናተናፈሰ ይመጽእ ኣሎ።” ዕትብ ኢሉ ተዛረበ።

ዑመር እስማዒል ተገዲዱ-“ብዙሓት ናብ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ዝወሓዙ፡ ኣውራ ድማ ኣብ መንጎ እቶም ኣብ ሰራዊት ሱዳን፡ ኣብ ፖሊስ ኤርትራ ዘገልገሉ፡ ከምኡ’ውን ኣብ ሽፍትነት ተዋፍሮም ዝነበሩ፡ ገለ ተወለድቲ ደቂ ናራን በኒዓምርን ዝኾኑ ኤርትራውያን፡ ኣብ ቀብላዊ ቅርሕንትታት ዝተመርኮሰ ግጭታት ተፈጥሩ ኣሎ።” ኢሉ ተዛረበ።

ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፡ ዝያዳ ክፈልጥ ብምድላይ፡-“ስለምንታይን ብኸመይን እቲ ግጭት ተላዕለ። ነዚ ዝገበረ ኸ መን’ዩ? እንታይ ክረክብ ስለ ዝደለየ እዩ? ዝብሉ ኣዋጠርቲ ሕቶታት ኣቕረበ።

ዑመር እስማዒል፡ ካብ ኤርትራ ብምምጽኡ፡ ነቲ ዝበሃል ዘሎ ኣጸቢቑ ይፈልጦን ይከታተሎን ብምንባሩ፡-“ብሓቂ፡ እቶም ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝመስረቱ መራሕቲ፡ ካብ’ቲ ናይ ኣርባዓታት ፈላላይ ፖለቲካ ነጻ ስለ ዘይነበሩ፡ ዘሕዝን ተርእዮ ነይሩ። እቶም መስረቲ፡ ነቲ ሃዋሁ ምስ ተቖጻጸሩ፡ ኣብ መንጎ እቶም ንምንቅስቓሳ ሓርነት ኤርትራ ከም ሓደ ምስ ሱዳናዊ ኮሚኒስታዊ ሰልፊን ትካል ስለያ ሱዳንን ዓባይ ብሪጣንያን ዝተኣሳሰረ ወይ ዝተቖጽረ ውድብ ከም ዝኾነ ክዛረቡ ወይ ከጸልሙ ምስ ጀመሩ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሓይልታት ሰውራ ኤርትራ ማለት፡ ኣብ መንጎ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ምፍሕፋሕ ጀመረ። እዚ ከይኣክል፡ ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ መራሕቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ መንጎ ኣብ ግዜ ፌደረሽን ከም ሰበ-ስልጣን ዘገልገሉ፡ በዓል

እድሪስ መሓመድ ኣድም፡ ገለ ከም ዑስማን ሳልሕ ሳበን እድሪስ ገላውድዮስ ዝተባህሉ ምሁራት፡ ኣብ ቀቢላውን ኣውራጃውን ዝተመስረተ ምፍሕፋሕ ተራእየ።” እድሪስ፡ ብወገኑ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡-“ብዛዕባ’ቶም ካብ ሰራዊት ሱዳን ናብ ዓዋተ ዝተጸንበሩ ኸ ?” ክብል ሓተተ።

ዑመር እስማዒል፡-“ኩሎም ተጸንበርቲ ካብ’ቲ ናይ ኣርባዓታት መቃቓሊ ማሕበራዊ ድሕረት ነጻ ነይሮም ክበሃል ዝከኣል ኣይነበረን።” ኣስዒቡ’ውን፡-“ኣጽዋርን ብረትን በብመገዱ ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ክኣረት ምስ ጀመረ፡ ነፍሰ-ወከፍ ጉጅለ ብዘይ ምውህሃድ ንነፍሱ ከም ብቁዕ መራሒ፡ ኣብ ቅኑዕ መንገዲ ከም ዘሎን ብምውሳድ፡ ዘርብሕዎ በይናዊ ውሳኔ ክወስድ ጀመረ። ካብ’ዚ ብምብጋስ፡ እቲ ዝነበረ ግጭት እናኸረረን እናዓሞቐን መጸ። ዝኸሰረ እንተሎ፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝኾነ በብቑሩብ እናበርህ ክመጽእ ድማ ጀመረ።” ብግሉጽ መገዲ ርእይትኡ ኣብረሀ።

ግዜ ምስንባት መጸ። ወጋሕታ፡ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ንዑመር እስማዒል ኣሰናቢቱ፡ ብሰላምን ምስ ምሉእ ጥዕናን ዳግማይ ክራኸቡ ተሰማሚዖም ተፈላለዩ።